

# ጸሎት ያዕቤጽ

ብዳንኤል ተስፋይ

> “ያዕቤጽ ድማ ካብ ኣሕዋቱ ዚኸብር ነበረ። ኣዲኡ ኸኣ፡ ብጻዕሪ ወኢደዮ፡ ኢላ እያ እሞ፡ ያዕቤጽ ኣውጽኣትሉ።”
> 1ይ ዜና መዋእል 4፡9

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ብዛዕባ ያዕቤጽን ጸሎቱን ኣብ ቀዳማይ ዜና መዋእል፡ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ጸሎቱ ኣብ ምዕራፍ 4፡ ካብ ጥቕሲ 9 ክሳዕ 10 ተጻሒፉ ንረኽቦ። ናብ ዛንታ ያዕቤጽ ቅድሚ ምእታውና፡ ግና ዜና መዋእል ስለምንታይ ከም ዝተጻሕፈ ብሕጽር ዝብለ ኣገባብ ክንርኢ ባህ ይብለኒ።

ዜና መዋእል ድሕሪ ናይ ነገስታት ታሪኽ እዩ ተጻሒፉ። ካብ ኣዳም ጀሚሩ ዝርዝር ወለዶ ደቂ እስራኤል እናጸብጸበ ክሳዕ ሞት ዳዊት ዝኾነ “ዜና” ደጊሙ ይጽሕፎ። እቲ ዛንታ ዝድገመሉ ዘሎ ምኽንያት ድማ፡ ደቂ እስራኤል ኣብ ግብጽን ኣብ ባቢሎንን ንሓያሎ ዓመታት ድሕሪ ምንባሮም፡ እቶም ምስ ካልኦት ዘይተዋሰቡ እስራኤላውያን ኣየኖት ምዃኖም ንኽፈልጡ እዩ። እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ጥራይ እኳ ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ከም ዝገበሩ ጽሑፍ ኣነጺሩ ይሕብረልና’ዩ። ንኽንድዚ ዝኣክል እዋን ኣብ ስደት ኣብ ስደት ጸኒሖም ባህሎምን እምነቶምን ዓቂቦም፡ ካብ ኣማልኽቲን ባህልን ባህርያትን ናይ ግብጺ ተፈልዮም ንኽነብሩ ብሓቂ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ’ዚ ምንጽጻር ንኽንክእል ድማ ህዝብና በዘን 20-30 ናይ ስደት ዓመታት ክንደይ ከም ዝተለወጠ ንርኤ። ጊዜ እንዳ ነውሔ ምስ ዝኸይድ ከኣ ደቅናን ደቂ ደቅናን ከመይ ኮን ይኾኑ ኢልና ክንሓስብ ይግባእ።

እምበኣር ናብታ ጥቕስና ክንምለስ፡ “ያዕቤጽ ድማ ካብ ኣሕዋቱ ዚኸብር ነበረ። ኣዲኡ ኸኣ፡ ብጻዕሪ ወሊደዮ፡ ኢላ እያ እሞ፡ ስሙ ያዕቤጽ ኣውጽኣትሉ። ያዕቤጽ ድማ ንኣምላኽ እስራኤል፡ ብርግጽ እንተ ትባርኸኒ፡ዶባተይ ከኣ እንተ ተግፍሓለይ፡ ኢድካውን ምሳይ እንተ ትኸውን፡ ከይጭ ነቕ ድማ ካብ ክፉእ ከም ዝድሕን እንተ ትገብረኒ፡ ኢሉ ለመኖ። ኣምላኽ ከኣ እቲ ዝለመኖ ገበረሉ።” (1 ዜና 4፡9-10)

ያዕቤጽ ኪውለድ ከሎ ኣዲኡ ከቢድ ሕማም ሕርሲ ስለ ዝነበራ “ጻዕሪ” ወይ ከኣ “ሽግር” ኢላ ሰመየቶ። “ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ” ከም ዝበሃል፡ እቲ ወለድና ዝሃቡና ስም ኣብ ህይወትና ዓቢ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ኣይንስሕቶን ኢና። ጽቡቕ ስም ዝተዋህቦ ሰብን ሕማቕ ስም ዝተዋህቦ ሰብን ኣብ ናብራኦም ዓብዪ ፍልልይ ዝህልዎም ኰይኑ ይመስለኒ። ያዕቤጽ ድማ ሕማቕ ስም እኳ እንተ ተዋህቦ፡ ኣጀማምራ

ህይወቱ’ውን ጽቡቕ እኳ እንተ ዘይ መሰለ፡ ካብ ኣሕዋቱ ይኸብር ከም ዝነበረ ነንብብ። ብምንታይ ደኣ ኾን ይኸውን ካብ ኣሕዋቱ ዚኸብር? ነዚ ሓሳብ እዚ ምስቲ ኣብ ትንቢት ኢሳያስ 32፡8 “ክቡር ሰብ ግና ክቡር ሓሳብ ይሓስብ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ።” ዚብሎ ከተሓሕዞ እፈቱ። እምብኣርሲ መጽሓፍ ቅዱስ መሰረት ጌርና ክንርእዮ ኸሎና፡ ሰብ “ክቡር” ዚኸውን ብኻልእ ዘይኮነስ ክቡር ሓሳብ ብምሕሳቡ እዩ። ክቡር ሓሳብ ማለት ከኣ፡ ምስ ሓሳባት እግዚኣብሄር ዝሳማማዕ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣተሓሳስባ እዩ። ስለዚ “ክቡር ሰብ”፡ እቲ እግዚኣብሄር ክቡር እዩ ዚብሎ ከም ክቡር ገይሩ ዝርኢ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ሓጢኣት እዩ ዚብሎ ድማ ሕሱርን ፉንፉንን ምዃኑ ዘስተውዕል ሰብ እዩ።

እምበኣርሲ ያዕቤጽ ካብ ኣሕዋቱ ንላዕሊ ክቡር ዝገበሮ ክቡር ዚኾነ ሓሳባት ብምሕሳቡ ኣብቲ ዚሓሰቦ ክቡር ነገር ድማ ብምጽናዑ እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ዝጸለዮ ጸሎት ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል።

ጸሎት ያዕቤዕጽ ኣርባዕተ ሓሳባት ዝሓዘት እያ ነይራ። ንሳተን ድማ ብዝርዝር ክንርእየን ኢና።

1. “ብርግጽ እንተ ትባርኸኒ...”

ያዕቤጽ ጸሎቱ ዚጀመሮ በረኸት እግዚ ኣብሄር ብምሕታት እዩ። በረኸት እግዚ ኣብሄር ኣብ ቤቱን ኣብ ህይወቱን ኣብ ኩሉ ተግባር ኣእዳዉን ኣብ ምእታዉን ምውጻኡን ኪመልእ ክምነ ኸሎ ንርእዮ። ብርግጽ ድማ እግዚኣብሄር ዝባረኾ ሓዳር ኪህልወካ፡ እግዚኣብሄር ዚባረኾም ዉሉድ ኪህሉዉኻ፡ ኣብ ስራሕካ በረኸት እግዚ ኣብሄር ክትርኢ፡ ክትኣቱ ክትወጽእ ብሩኽ ክትከውን መወዳድርቲ ዘይብሉ ናብራ ምዃኑ ኣዝዩ ዝተረደኦ ምዃኑ ከነስተብህል ንኽእል።

እግዚኣብሄር ንሰብ ከመይ ኪኸውን ከም ዚደልዮ ኣብ ዘዳግም ምዕራፍ 28 ብሰፊሑ ተጻሒፉ ንረኽቦ። እሱ ኸኣ ብሓዳሩ ብውሉዱ ብስርሑ ብመላእ ናብራኡ ምሉእ ሓጕስ ዘለዎ፡ ገንዘቡ ዚበርከተሉ፡ በቲ ዘለዎ ድማ ዚዓግብ ሰብ ኪኸውን እዩ።

ብዛዕባ በረኸት ኣምላኽ ክሓስብ ከሎኹ ኩሉ እዋን ናብ ኣኣምሮይ ቅልቅል እትብል፡ ኣብ ፊሊ 4፡19 ተጻሒፋ ዘላ ጥቕሲ “ኣምላኸይ ከኣ ከምቲ መጠን ሃብቱ ...” እትብል እያ። መጠን ሃብቲ ናይ እግዚኣብሄር ክንደይ እዩ? እምበ ኣር እግዚኣብሄር ክንድኡ ክባርኸና ዝደሊ ኣምላኽ እዩ።

2. “ዶባተይ ከኣ እንተ ዝገፍሐለይ...”

ያዕቤጽ ንእግዚኣብሄር ዝለመኖ ካልኣ ይቲ ነገር ድማ ዶባቱ ንኽሰፍሕ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ድማ፡ *ነቲ ዝሃብ ካኒ ኣዕብየለይ፡ ዕጽፍን ድርብን ግበረ ለይ፡ ብኹሉ ናብራይ ክዓቢ ርድኣኒ፡* ምባል እዩ።

እግዚኣኣብሄር ዶብ ከስፍሕ ከሎ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ክትሳገር፡ ዘይበጻሕካዮ ክትበጽሕ፡ ዘይረኣኻዮ ክትርኢ፡ ክትድ ንፍዕን ክትሰስንን ይገብረካ። እዚ ኸኣ ብትሕዝቶ፡ ብኣገልግሎት፡ ... ወዘተ፡ ኪኸውን ይኽእል። በቲ እግዚኣብሄር ዚሃበካ ተሓጒስካ ምንባር ሰናይ እዩ። ይኹን እምበር ይኣኽለኒ፡ ካብዚ ንላዕሊ ኣይደልን ምባል ከኣ ስንፍና እዩ። ምኽንያቱ እቲ ክትገብሮ እትኽእል ነገር ንኸይትገብሮ ምኽኒት ይኾነካ፡ ደሓር ከኣ

ንበረኸት እግዚኣብሄር ኾኽትድርቶ ይገ ብረካ። እዚ ክቡር ሓሳብ ዚሓስብ ያዕ ቤጽ እግዚኣብሄር ዶቡ ኻኽስፍሓሉ ክሓትት ከሎ ግና ንሱ ክገብሮ ዘለዎ (ጊዲኡ) ዘስተውዓለ ይመስልኒ። እዚ ኸኣ ቐዳማይ ጻዕረኛን ትጉህን ክኸውን ከም ዘለዎ፡ ካልኣይ ድማ ነቲ ዘለዎ ብግቡእ ክሕዝ ከም ዚግብኦ ኣርጊጹ ዚፈልጥ ሰብ ዚነበረ ይመስል።

3. "ኢድካ'ውን ምሳይ እንተ ትኸውን ..."

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኢድ እግዚ ኣብሄር መገዲ ንዝጠፍአ ክትመርሕ፡ ንዚደኸመ ክትድግፍ፡ ንዚወደቐ ክትረ ድእ፡ ንዚሓመመ ከተሕዊ፡ ንዝቖረረ ኽትሓቁፍን ከተሟሙቕን፡ ንዝተሸገረ ክትረድእ፡ ንዝበደለ ኺትቀጽዕ፡... ወዘተ ንርእያ። ያዕቤጽ ነዛ ብርኽቲ ኢድ እዚኣ ስለ ዝፈልጣ ኹሉ እዋን ምስኡ ኽትከውን ኪደሊ ኸሎ ንርእዮ። እታ ሰማይን ምድርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉ ዝፈጠረት፡ ንባሕሪ ኤርትራ ኣብ ክልተ ዝኸፈለት፡ ንደቂ እስራኤል ኣብ በረኻ ዝመርሐት፡ ኢድ እግዚኣብሄር ምስኡ ምስ እትኸውን ካብ ሽግር ኮነ ካብ ጸላኢ፡ ካብ ሕማም ኮነ ካብ ካልእ ከም ዘይፈርህ ተረዲኡ ከም ዝነበረ ብሩህ እዩ።

4. "ከይጭነቕ ድማ ካብ ክፉእ ከም ዝድሕን እንተ ትገብረኒ..."

ያዕቤጽ ከጋጥሞ ዚኽእል ክፉእ ከም ዘሎ ስለ ዝፈለጠ፡ ዘለዎ ዓቕሚ ምስ ዚርኢ ድማ ብኽእለቱ ኺሓልፎን ክስዕሮን ከም ዘይክእል ስለ ዝተረድኦ እዩ ከምዚ ኢሉ ዝጸለየ። እዛ ጸሎቱ ድማ ምስታ ጐይታ ንደቀ-መዛሙርቱ ዝመሃራ "ጸሎት ኣቦና" ዝመሳሰል ሓሳባት ኣለዋ። ካብ ክፉእ ክትሕሎ ዚገብር፡ ዚሕሉ፡ ዚኣሲ እግዚኣኣብሄር እዩ። እዚ ድማ ያዕቤጽ ኣብ ናብራኡ ዕረፍቲ ኪህሉ፡ ካብ ጭንቂ'ውን ክድሕን ከም ዝገበሮ ምንም ኣይተወላ ወለን።

ያዕቤጽ ነዘን ኣርባዕተ ልመናታት ክልምን ከሎ፡ "'ውን" "ከኣ" "ድማ" እናበለ ምኽኑ ነስተብህል። ማለት ባርኸኒ፡ ዶባተይ ከኣ ኣግፉሓለይ። ምስዚ ኹሉ ድማ ኢድካ ምሳይ ትኹን። ካብ ክፉእ ድማ ኣድሕነኒ። መወዳእታ ናይታ ጥቕሲ እግዚኣኣብሄር ነቲ ልመናኡ ከም ዚሰምዖ፡ ከም ዚገበረሉን ድማ ነንብብ።

ንሕና'ውን ከም ያዕቤጽ በረኸት ኣምላኽ ኣብ ህይወትናን ኣብ ሓዳርናን ኣብ ኩሉ መገድናን ክህልወና ክንልምን ይግባኣና። ገና ኻብ ድቃስና ክንትንስእ ከሎና እግዚኣብሄር ንዓናን ንደቅናን ክባርኸና፡ ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ መዓልቲ ድማ ኪባርኸልና ክንጽሊ የድሊ። ምስናይ'ዚ ድማ ብኹሉ ነገር እናወሰኽናን እናዓቤናን ክንከይድ'ውን ንለምን። ንበረኸት እግዚኣብሄር ዶብ ኣይንግበረሉ። ኣይንደርቶ። ምስ ኣምላኽና ኰይንና ናብ ዝበለጸን ዚሓሸን ደረጃ ክንበጽሕ እናኸኣልና ትብዓት ብምስኣንና ጥራይ ብዙሕ ዚጐድለና ነገራት ኣሎ። ንኣብነት ኣብታ መጀመርታ ዝጀመርናያ ስራሕ ንመዋእል ንነብር። ሕማቕ እዩ ንምባል ኣይኰነን፡ የግዳስ፡ ብትምህርቲ እናወሰኽና፡ ኣብ ስራሕ ዓለም'ውን እናዓቤና ክንከይድ ከም ያዕቤጽ "ዶባተይ ኣግፉሓለይ" ንበል። ክንባረኽ ከኣ ኢና።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ግና ክንተግህን ነቲ ዘሎና እሙናት ኰይንና ክንዓይን ግቡእና ምኽኑ ኣይንዘንግዕ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኢድ እግዚኣብሄር ምሳና ክትህሉ እንተ ጸሌና ክንጋገ ከሎና እት እርመና፡ ከንደክም ኸሎና እተበርትዓና፡

ንሳይትና እያ። ሕጂ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ክፉእ ዚኸውን መሊኡ ኣሎ። ስለናን ስለ እቶም ምሳና ዘለዉ ሰባትን ኩሉ እዋን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንቕረብ።

ቅድሚ ምድምዳመይ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዘን ናይ ያዕቤጽ ለመናታት ሒዙ ዚጸለየ ሰብ ከም ዘሎ ነንብብ። ንሱ ኸኣ ኣብ ዘፍ 28፡ 20-21 ተጻሒፉ ንረኽቦ። ኣብኡ ድማ ከምዚ ይብል፡

> "ያዕቆብ . . . እግዚኣብሄር ምሳይ እንተኾነ፡ ኣብዛ ዝኸዳ ዘሎኹ መገደይ ከኣ እንተ ሓለወኒ፡ ዝበልዖ እንጌራን ዝኽደኖ ኽዳንን ድማ እንተ ሃበኒ፡ ናብ ቤት ኣቦይውን ብደሓን እንተ ትመለስኩ፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ይኸውን።"

ጸሎት ያዕቆብ ካብ ናይ ያዕቤጽ ጸሎት ኣዝዩ ዝተፈለየ ኹይኑ ይረኣየኒ። እቲ ፍልልይ ድማ ኣብታ "ሽዑ" እትብል ቃል ዝተሞርኮሰ እዩ። ያዕቆብ "እንተ ባረኹኒ ሽዑ ኣምላኸይ ይኸውን።" ካብ በለ፡ እግዚኣብሄር ፍቓዱ ኹይኑ እንተ ዘይባረኾኸ? ብደሓን ናብ ቤቱ እንተ ዘይተመልሰ ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ ኣይገብሮን ማለቱ ድዩ? ጸሎቱ "እንተ" ዝብል ቅድመ-ኩነት ኣለዎ። ያዕቤጽ ግና እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምዃኑ ብልቡ ኣሚኑስ "ከምዚ እንተ ትገብረለይ . . ." እምነ እናበለ እዩ ዚጸለየ።

እምበኣር ንሕና'ውን እቲ ምስ እግዚኣብሄር ዘሎና ርክብ በቲ ኣብዚ ምድሪ ንረኽቦ ነገራት ኪውሰን ብፍጹም የብሉን። ብጥዕና ኰነ ብሕማም፡ ብርኻብ ኰነ ብስኣን፡ ብስራሕና ኰነ ብትም ህርትና እንገብሮ ዘበለውን ኹሉ ኸኣ ይስለጠና ኣይስለጠና ...ወዘተ፡ ቅድመ-ኩነት ዘይብሉ እግዚኣብሄር ናይ ህይወትና ጐይታ ኪኸውን ይግብኦ። ከም ያዕቆብ ምስ ጸገሞ "ኣምላኸይ ርድኣኒ፡" ዘይብል ሰብ የልቦን። ምስ ረሃዎን ምስ ጠዓሞን ግና ሰብ ንኣምላኹ ይርስዕ።

እምበኣርሲ፡ ስለ'ቲ ካብ ኣምላኽ ክንረኽቦ እንኽእል በረኸት ኩሉ ንጸሊ። እቲ ንእዝኒ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ድማ ኪሰምዓናን ኪህበናን እዩ። ፍቕርና ንዕኡ ግና በቲ ንረኽቦ ነገራት ክውሰን የብሉን፡ እንታይደኣ ኪፍቀርን ኪኸበርን ዚግብኦ ጐይታ ስለ ዚኾነ ክኸውን ይግብኦ።




By: Jeff Larson

". . . ምሉእ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።"
ኤፌ 13፡17